ÖSTERSUNDS KOMMUN

# ኣብ መዋእለ ህጻናት ምልባዕ ተላጋቢ ሕማም ንምቅናስ ተሓጋገዙና!

ቤተሰብካ ኣብ ሕማም ከይወድቁ ወይ ተላጋቢ ሕማም ናብ ካልኦት ቆልዑን ሰራሕተኛታት መዋእለ ህጻናት ከይላባዕ ከመይ ጌርካ ክትዋሳእ ይግባኣካ፧ ብሓባር ናይ ተላጋቢ ሕማም ምልባዕ ደው ንምባል ክንተሓጋገዝ ኢና!

## ናይ ቁሪ ተምላስ ሕማም (ኖሮቫይረስ)፣ ናይ ከስዐ ጉንፋዕ፣ ተምላስን ውጽኣትን

*** ቅድሚ ሕጂ እቲ ቆልዓ ተምላስ ወይ ውጽኣት ኔርዎ'ዶ ይፈልጥ፧**

ኩሉግዜ ካብ መዋእለ ህጽናት ኣብ ገዛ ይጽናሕ። ዋላ ሓደ ግዜ ጥራይ ይትግበር። ቆልዓኻ ናይ ከስዐ ሕማም ክህልዎ ይኽእል እዩ ኢልካ ከምዝጠርጠርካ ነቲ ሰራሕተኛ አፍልጦ።

*** እቲ ቆልዓ ናብ መዋእለ ህጻናት መዓስ ክምለስ ይኽእል፧**

እቲ ቆልዓ ከም ንቡር ምብላዕ ምስ ዝጅምርን ከምኡውን እንተወሓደ 48 ሰዓታት ተምላስ ወይ ውጽኣት ምስ ዘይህልዎን።

*** ናይቲ ዝሓመመ ቆልዓ የሕዋት ኣብ ገዛ ክጸንሑ ኣለዎም፧**

እወ፣ ናይቲ ተላጋቢ ሕማም ናይ ምዝርጋሕ ሓደጋ ይቅንስ እዩ።

*** የእዳውካ ምሕጻብ ሓጋዚ'ድዩ፧**

እወ፣ የእዳውካን ናይ ደቅኻን ብማይን ሳሙናን ብቀጻሊ ምሕጽብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከም ናይ ናይ ቁሪ ተምላስ ሕማም (ኖሮቫይረስ) ዝተላብዐ ነቲ ቫይረስ ሰለዘይጎድኦ ናይ ኢድ መጸራረዪ ምጥቃም እኹል ኣይኮነንል።

*** ኣብ ገዛ ብዛዕባ እንታይ ክሓስብ ኣሎኒ፧**

ኣብ ክንዲ ናይሎን ሽግማኖ ሶፍት ተጠጽቕም፣ ህኩሎም ኣልባሳት፣ ናይ ዓራት ሊነን ጨርቅን ኣብ 60 ዲግሪ ልስሉሳት ኣሻንጉሊታት ሕጸቦም፣ ምድርቤትን ሽቓቕን ኣጽርዮም፣ ኣሻንጉሊታት፣ መትሓዚታትን መጥፍእን መወልዕን መብራህቲ ወልውሎም።

**ንእሽቶይ ምኽሪ፥** መዋእለ ህጻናት ኩሉግዜ ጓንቲ፣ ፕላስቲክ ሻንጣ፣ ሶፍትን ናይ ኢድ መንዲል ጥቕላል ዝሓዘ "ናይ ህጹጽ ኩነታት ሻንጣ" ኣለዎም። ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ገዛ ክህሉ ጽቡቕ ሓስብ እዩ።

## ረስኒን ቁርን

*** እቲ ቆልዓ ንኽንደይ ግዜ ኣብ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ፧**

ምስ ረስኒ ዝተትሓሓዘ ኩሉግዜ ከምኡውን ድሕሪኡ ኣብ ገዛ 24 ሰዓታት ምስ ንቡር ሙቐት።

*** ናተይ ቆልዓ ረስኒ የብሉን እንተኾነ ግን ጽቡቕ ኣይስምዖን እዩ፣ ኣብ መዋእለ ህጻናት ክገድፎ ወይ ክገድፉ'ዶ፧**

ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕና ናይቲ ቆልዓ ናብ መዋእለ ህጻናት ክምለስ ወይ ክትምለስ ይፍቀድ። ምስ ዝለዓለ ሙሉእ ናይ ጸወታ ግዜን ኣብ መዋእለ ህጻናት ናይ ደገ ንጥፈታት ብጽቡቕ ክጻወሮ ክኽእል ከምዘለዎ ዘክር።